

## ምሳና ብኸመይ ትራኸብ?

ምሳና በዚ ዝስዕብ **24/7** ቁጽሪ ተሌፎን ክትራኸብ ትኽእል፡-

078/15.43.24

ብተወሳኺውን በዚ ዝስዕብ ናይ ኢመይል ኣድራሻ መልእኽቲ ክትሰድድ ትኽእል፡-

tutelles@just.fgov.be

ምሳና ንምርኻብ ሓገዝ ምስ ዘድልየካ፡ ነቲ ኣሳላጢ ማሕበራዊ ጉዳያት ናይቲ ዘለኻዮ መቐበሊ ማእከል ወይ ድማ ንጠበቓኻ ክትውከስ ትኽእል።

RESPONSIBLE EDITOR: JEAN - PAUL JANSSENS BD DE WATERLOO 115 - 1000 BRUSSELS D/2021/7951/EN/1237

# መጉዚት ናይ መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛ (MENA)



ንሕና ነቲ ተዋሂቡካ ዘሎ ከም መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛ (MENA) ጌርና ተቐቢልናዮ ኣለና።

## መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛ "MENA" እንታይ ማለት እዩ?

እዚ ማለት ድማ፡-

- ንስኻ ትሕት **18 ዓመት** ዕድመ ምኳንካን
- ናይ በልጂዩም ዜግነት ዘይብልካን
- ወለድኻ ድማ ኣብ በልጂዩም ምሳኻ ዘየለዉን
- ኣብ በልጂዩም ቀቡል መንበሪ ፍቓድ ዘይብልካን

ኣብ በልጂዩም፡ እቶም መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛታት **መጉዚትነት**ክወሃቦም ይፍቀዶም እዩ።

FEDERAL PUBLIC SERVICE
JUSTICE



## እንተኾነ ግን... እቲ መጕዚት እንታይ እዩ ዝገብር?

እቲ መጕዚት ውልቀሰብ ኮይኑ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኻ ንዓኻ ክድግፈካን ክሕግዘካን ዝመደብናዮ እዩ።

ንሳ/ንሱ ሕጋዊ ወኪልካ እዩ፡ እዚ ማለት ድማ ንሳ/ንሱ ንኹሎም ነቶም ኣብ በልጂዩም ንኽትነብር ክትክተሎም ዘድልዩኻ ኣገባባት ዝሕግዘካ ማለት እዩ። ንኣብነት፡ ንስኻ ናይ ዕቈባ ፍቓድ ወይድማ ኣብ በልጂዩም ንምንባር ፍቓድ ንምርካብ ምስ እተመልክት፡ ንሳ/ንሱ እቲ መስርሕ ክሳዕ ዝፍጸመልካ ኣብ ጎንኻ ኮይኑ ክድግፈካን ክሕግዘካን እዩ።

ከምኡውን፡ እቲ መጕዚት ካልኦት ነገራት ውን ይፍጽም እዩ። ኣብዚ ሓደሓደ ኣብነታት ምጥቃስ ይከኣል፡-

- ንሳ/ንሱ ደጋገሙ ይበጽሓካ፡
- ንሳ/ንሱ ነቲ ሰበስልጣን ብዛዕባኻ ዝህቡዎ ውሳኔ ይገልጸልካ፡
- ንሳ/ንሱ ንዓኻ ብነጻ ጠበቓ ይረኽበልካ፡ንሳ/ንሱ ኣብቲ



ዝተዋህበካ መንበሪ ጽቡቕ ትነብር ከምዘለኻ ይቆጻጸረልካ ከምኡድማ፡ ኣድላዪ ምስ ዝኸውን፡ ዝበለጸ መንበሪ ቦታ ንኽትረክብ ይሕግዘካ።

- ንሳ/ንሱ ኣብ ቤት ትምህርቲ የመዝግበካ ከምኡውን ኣብ ትምህርቲ ጽቡቕ ትኸይድ ምህላውካ የረጋግጽ።
- ዝኾነ ይኹን ናይ ጥዕና ጸገማት ምስ ዝህልወካ፡ ንሳ/ንሱ ኩሉ ጥዕናዊ ክንክን ከምዝግበረልካ የረጋግጽ፡ ንሳ/ንሱ ምሳኻ ብምምኽኻር ንገንዘብካ የማሓድር፡ ነገራት ጽቡቕ ኣብ ዘይከዱሉ ግዜ ድማ፡ ንሳ/ንሱ ጸገማትካ ይሰምዑን፡ ንሳ/ንሱ ርእይቶኻን እምነትካን የኽብሩ።
- ንሳ/ንሱ ብዛዕባ መጻኢኻ የዘራርቡኻ፡
- እንተደሊኻ ድማ፡ ንሳ/ንሱ ደሃይ ስድራኻ ንኽትገብር ይሕግዙኻ፡

ብዛዕባ መጕዚትካ ዝምልከት ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወካ፡ ንዓኣ/ንዕኡ ከተዘራርቦም ትኽእል።

## ክሳዕ መዓስ እዩ መጕዚት ዘድልየካ?

መጕዚትካ ዕድሜኻ 18 ዓመት ክሳዕ እትመልእ ክሕግዘካ እዩ። ዕድሜኻ 18 ዓመት ምስ መላእካ፡ ናጻ ሰብ ትኸውን።

**እዚ ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

እዚ ማለት ድማ ናይ ገዛእ ርእስኻ ሓላፍነት ባዕልኻ ትወስድ ማለት እዩ። ካብዚ ግዜ እዚ ጀሚሩ እቲ መጕዚትካ ብዛዕባኻ ዝኾነ ውሳኔ ክገብር ኣይክእልን እዩ።

እንተኾነግን ኣይትሸገር፡ መጕዚትካ ንመበል 18 ዓመት በዓል ልደትካ ንምኽባር ንእትገብሮ ምድላዋት ክሕግዘካ እዩ፡ ንሳ/ንሱ ብዛዕባ ክትፈልጦም ዝግበኣካ ነገራት ምኽሪ ክህበካ እዩ።

**እንተኾነግን፡ ወለድኻ ናብ በልጂዩም እንተመጺኦምኻን፡ ወይድማ ካብ በልጂዩም እንተወጺእካን፡ እቲ ብመጕዚትካ ዝግበረልካ ዝነበረ ስራሓት ቅድሚ 18 ዓመት ዕድመ ምብጻሕካ ክቋረጽ ይኽእል እዩ።** ኣብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኩነታት፡ ድሕሪ እዚ ግዜ እዚ መጕዚት ከምዘይብልካ ዝገልጽ ደብዳቤ ክንሰደልካ ኢና። እቲ መጕዚት ድማ ብዛዕባ እዚ ጕዳይ እዚ ምሳኻ ክዘራረብ እዩ።

## ምስ መጕዚትካ ጸገም ምስ ዝህልወካ እንታይ ክግበር ይከኣል?

እቲ መጕዚት ክሰምዓካን ክርከበልካን ይግብኦ። ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ጸገም ንዓኣ/ንዕኡ ከተዘራርብ ፈትን።

**እዚ እንተዘይሰርሐኸ?**

- ምሳና ተራኸብ፡ ንሕና ነቲ ጸገም ክንፈትሖ ክንፍትን ኢና።
- ብተወሳኺውን ናብቲ ቤት ጽሕፈት ፍትሒ ንሰላም ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ንሳ/ንሱ ኣብዚ ዘለዉ ነቲ ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ መጕዚትካን ዘጋጠመ ጕዳይ ክፈትሑ እዮም። ንዝያዳ ሓበሬታ ንዓና ወይድማ ነቲ ኣሳላጢ ማሕበራዊ ጕዳያት ናይቲ ዘለኻዮ መቐበሊ ማእከል ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።